# ረዚን ትርጉም ኣለዋ እዛ ባንዴራ !






## እዛ ክብርቲ ባንዴራ !

ዋና ኣለዋ : ዝርኢ ዝሰምዕ

ሕግብብ ዝብላ : ኣብክንድኣ ዝነብዕ

ምስክር ህላውነቱ :ብእኣ ዝኾርዕ

ብትንፋሱ ትነብር : ብደሙ ትጥጥዕ

ምንባሩ ዝመነነ : ምስ ዓለማ ንክትስራዕ:

**ኣንቱም ህዝቢ ! ረዚን ትርጉም ኣለዋ እዛ ባንዴራ**

ክብርናን መንነትናን : ብሓደ ጠሚራ

ዕላማናን ውዕለትናን : ብግቡእ ኣስሚራ

ኩሉ ምስጢርና : ኣብ ከርሳ ዓቝራ

ኣብ ዘንጊ ሓቂ : ብጀጋኑ ደቃ ተሰቒላ

ኩልና ንስገደላ ! ንዘምረላ !

ኣባይ ከይሰሃላ : ሰስ ንበለላ

ሓደራኹም ! ኣይትልከዩዋ ዘይሕብራ

ስዉእ ጅግና'ዩ : ዕትብቱ ኣሲሩላ

ክብርን መኀሰን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ !

መድሃኔ ተስፋኣለም